# ሰክሽን 4 ሓገዝ

ሚያዝያ 2003

Section 4 support - Tigrinya

**ሰክሽን 4 ሓገዝ እንታይ እዩ?**

ናይ ዑቕባ ሕቶኹም እንተደኣ ብምሉኡ ተነጺጉ: እቲ ካብ ሆም ኦፊስ ትረኽብዎ ናይ ዑቕባ ደገፍ የቃርጽ:: ነዚ ዝምልከት ደብዳቤ ካብ ሆም ኦፊስ ይመጸኩም:: ይኹን እምበር ናይ ሰክሽን 4 ኣገልግሎትን ሓገዝን ተጠቀምቲ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም:: ሰክሽን 4 ብሆም ኦፊስ ዝወሃብ ግዝያዊ ኣገልግሎት ኮይኑ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ትረኽብዎ ዝነበርኩም ኣገልግሎት በዘን ኣብዚ ተጠቒሰን ዘለዋ ነጥብታት ይፍለ:

1. **ኣዙር ካርድ:** ጥረ ገንዘብ ኣይወሃበኩምን እዩ:: እቲ ዝወሃበኩም ሰሙናዊ ሓገዝ ቀጥታ ናብ 'ኣዙር' ናይ ክፍሊት ካርድ ይምለኣልኩም። እዙር ካርድ ኣብ ከም ኣሰዳን (Asda) ተስኮን (Tesco) ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ድካናት ከም መግቢ፣ ናይ ጽሬትን ሽቓቕን ዝኣመሰሉ እስቤዛ ንምዕዳግ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ.
2. **ናይ መንበሪ ኣባይቲ:** በዓል ሓዳር እንተዘይኮንኩም ምስ ካልኦት ሰባት ጾታኹም ሓደ ዝኾንኩም ብሓባር ኣብ ፍላት ከም ትቕመጡ ይግበር
3. **እማራጺ ዘይብሉ ናይ ገዛ ዕድል:** ኣብ ሰክሽን 4 ሓንቲ ናይ ፍላት (ገዛ) ምርጫ እያ ትወሃበኩም:: ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት እንደሕር ዘይተቐበልኩማ: ሰክሽን 4 ሓገዝኩም ከቃርጾ ይኽእል እዩ; ከምእውን
4. **'ሓገዝ-ጥራሕ' ምርጫ የለን:** ናይ ባዕልኹም ገዛ ወይ መንበሪ ጌርኩም ካብ ሰክሽን 4 ናይ ክፍሊት ሓገዝ ጥራሕ ክትሓቱ ኣይከኣልን እዩ::

**መን ናይ ሰክሽን 4 ሓገዝ ተገልጋሊ ክኸውን ይኽእል?**

ጽጉም (ድኻ) ከምእውን እንድሕር ሓንቲ ካብዘን ዝሰዕባ ነጥብታት ተማልኡ እንተኾንኩም: ናይ ስኮትላንድ ረፉጂ ካውንስል ናይ ሰክሽን 4 ሓገዝ ከትረኽቡ ማመልከቻ ኣብ ምምላእ ክተሓባበረኩም ይኽእል እዩ::

1. **ሓድሽ ናይ ዑቕባ/ ሰብኣዊ መሰል ኣመልከትቲ:** ናይ ሕጊ ወኪልኩም ሓድሽ ናይ ዑቕባ ማመልከቻ ወይ ከኣ ይግባይ እንተ መሊኦምልኩም: እቲ ማመልከቻ ተማሊኡን ተላኢኹን ክኸውን ኣለዎ: ቅዳሕ ናይተን ተላእኻ ወረቓቕቲ ከድልየና እዩ፣

2. **ሕጋዊ (ቤት ፍርዲ) መጽናዕቲ:** ናይ ሕጊ ወኪልኩም ናይ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ መጽናዕቲ ክግበረልኩም ሓቲቶም እንተተኾይኖም ቅዳሕ
   ናይ ኩለን ወረቓቕቲ ካብ ጠበቓኹም ኣምጽኡልና፣

3. **ክጎዓዙ ዘይክእሉ:** ብሕክምና ምኽንያት ማለት ጉድለት ጥዕና ናብ ሃገርኩም ከትጎዓዙ ዘይትኽእሉ: ነዚ ዝምልከት መምርሒ ብጣዕሚ ጽኑዕ እዩ:: ናይ ልዕሊ 7 ኣዋርሕ ነፍሰ ጾር (ጥንሲ) ወይ ከኣ ካብ ሓኪም ክትጎዓዙ ከምዘይትኽእሉ ወረቐት ክህልወኩም ኣለዎ:: መብዛሕቱ ጉድለት ምኽንያት ጥዕና ቅቡል ከይከውን ይኽእል እዩ፣

4. **ድሕንነት ዘይብሉ መንገዲ ጉዕዞ:** እዚ ነጥቢ ምምላእ ብጣዕሚ ከቢድ እዩ:: ብመሰረት ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ኣብዚ
   እዋን እዚ ነዚ ድምልከታ ሓንቲ ሃገር የላን:: ለውጢ እንተሎ ኣማኽርትና ወይ ከኣ ናይ ሕጊ ወከልትኹም ክነግርኹም እዮም ፣ ወይ



Scottish Refugee Council is a charity registered in Scotland.
Registered Charity: SC008639

5: ብድሌት ምምላስ: ናብ ሃገርኩም ብድሌትኩም ናይ ምምላስ ስጉምትታት ትወስዱ ክመዘለኹም ከተረጋግጹ ተኺእልኩም።
(ነዚ ዝምልከት ኣብ ታሕቲ ’ጉዕዞ ናብ ሃገርኩም?’ ዝብል ተመልከቱ)

*መረጋገጺ ናይ ድኽነት (ነዳይነት)*

ናይ ሰክሽን 4 ሓገዝ ተጠቀምቲ ምኺን ናይ ካልእ ዝኾነ ይኹን ሓገዝ ተገልገልቲ ከትኮኑ የብልኩምን። መብሓዝትኩም ፣ ቤተሰብኩም፣ ሃይማኖታዊ ትካላት ደገፍ ዝገብርልኩም እንተነይሮም: ደገፎም ንምንታይ ክቕጽሉ ከምዘይክእሉ ከተብርሁ ኣለኩም።
እዚ ንዓኹም ዝምልከት እንተኾይኑ: ካብቶም ዝሕግዝኹም ዝነበሩ መን ምኻኖም: ከመይ ጌርም ይሕግዝኹም ከምዝነበሩ: ንኽንደይ እዋን ከምዝሓገዝኹምን: ሓገዞም ስለምንታይ ክቕጽልዎ ከምዘይክእሉ ዝገልጽ ደብዳቤ ኣምጽኡልና። እታ ናይ መወዳእታ ነጥቢ ኣዝያ ኣገዳሲት እያ።

**ናይ ሰክሽን 4 ማመልከቻ ክንደይ እዋን ይወስድ?**
ሆም ኦፊስ ጉዳይኩም ክሳብ ዘጻርዮ ሳምንታት ክወስድ ይኽእል እዩ:: ነቲ መስርሕ ብቐረባ ተኸታቲልና፣ እቲ ውሳኔ ኣብ ዝፈለጥናሉ እዋን ብቐጥታ ከነበስረኩም ኢና:: ስለዚ ትርከብሉ መንገዲ እንተተቐይሩ ሓብሩና። ጉዳይኩም ንምክትታል ናይ ግድን ቤት ጽሕፈትና ክትመጹ ኣየድልን እዩ: ብነጻ ናይ ተለፎን (ስልኪ) መስመርና 0800 085 6087 (ነጻ ካብ ናይ ገዛ መስመር እምበር ካብ ሞባይል ኣይኮነን)

ሰክሽን 4 ድጋፍ ክወሃበኩም እንተደኣ ተፈቒድልኩም፡ ናብቲ ክትቕመጥሉ ዝተወሃበኩም መንበሪ ኣባይቲ ንኻድ ቀጸራ ክግበረልኩም ምእንቲ እቲ ኣባይቲ ዝሀብ ኣካል ከዘራረብኩም እዩ።

እቲ ወኪል ድማ፡ እቲ መንበሪ ኣባይቲ ከርእየኩም፣ ናይ ኣድራሽኦም ሓበሬታ ክሀበኩም፣ ከምእውን ናይ መንበሪ ኣባይቲ ውዕል ክትፍርሙ
ክሓተኩም እዩ። እቲ ኣባይቲ ዝሀብ ኣካል ናይቲ መንበሪኹም ኣተሓሕዛ ዕቃቤ ሓላፍነት ኣለዎ። ብዛዕባ መንበሪ ኣባይትኹም ዝምልከት
ሕቶ እንተደኣ ኣሎኩም ኰይኑ፡ ነቲ ወኪልኩም በቲ ዝሃበኩም ኣድራሻ ተወከስዎ።

**ይግባይ**

ማመልከቻኹም እንተተነጺጉ ናይ ይግባይ ማመልከቻ ንዓኹም ወኪልና ክንመልኣልኩም ንኽእል ኢና። እዚ ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ዝሀቦ ምኽንያት ናይ መንጸጊኡ ዝተመርኮሰ ይኸውን። ናይ ይግባይ ወረቐትኩም ናብ ክሮይደን ለንደን ዝርከብ ፊርስት ቴር ትሪቡናል (ናይ ዑቕባ ሓገዝ) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ነጻ ኣካል ይለኣኽ። ተኻፊልቲ ናይቲ መስርሕ ኮንኩም ባዕልኹም ይግባይኩም ክትከራኸሩ ከትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።
ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ናይ ምስታፍ ድልየትኩም እንተገሊጽኩሎም ናይ መጎዓዝያ ወጻኢኹም ክሸፍንልኩም ይኽእሉ’ዮም።

**ናብ ሃገርኩም ምምላስ ጉዕዞ?**
ናብ ሃገርኩም ክትምለሱ ትኽእልሉ መንገዲ ናይ ምፍላጥ ድልየት እንድሕር እለኩም ን ኣህጉራዊ ውድብ ስደት ኣብ ግላስጎው ዝርከብ ቤት ጽሕፈቶም በዚ ዝስዕብ ኣድራሽ ክትውከስዎም ትኽእሉ:

**International Office of Migration (IOM)**
38 Queen Street, Glasgow
ቁጸራ መትሓዚ ስልኪ ቁጽሪ፡ 0141 548 8116

**ለበዋን ጥርዓንን**

**ርእይቶኹም ኩሉ ግዜ ቅቡል'ዩ ንሓበሬታናን ኣገልግሎትናን እውን ሃናጺ'ዩ።**

**ኣገልግሎትና ወይ ሓበሬታና ከነመሓይሽ ዝሕግዝ ለበዋኹም ከተካፍሉና ምስትደልዩ: ናይ ርእይቶ ቅጥዕና ክትመልኡ ብትሕትና ነዘኻኽር።**
**እቲ ቀጥዒ ካብ ሰራሕተኛታትን ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታና ብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተጥቂምኩም ክትረኽብዎ ትኽእሉ:** http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk/assets/0000/0183/Complaint_leaflet_English_March_2010.pdf

**ብኽብረትኩም ዝመላእኩሞ ቀጥዒ ናብ ቤት ጽሕፈትና ምለሱዎ።**

**ንቤት ጽሕፈት ኮሚሽነር ኢሚግሬሽን** (Office of the Immigration Commissioner (OISC)) **ድማ ኽትጠርዑ ትኽእሉ ኢኹም:** http://www.oisc.gov.uk/

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council is a charity registered in Scotland.
Registered Charity: SC008639